# ኣብ ውሽጢ ኖርወይ ወረቐት ምስክር ኮሮና ብከምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ክትጥቀመሉ ትኽእል

መደብ ዳግመ ክፍታ መንግስቲ ኣብ 3ይ ጽፍሒ ምስ በጽሐ ምስክር ወረቐት ኮሮና ኣብ ውሽጢ ሃገር ከገልግል ክጅምር እዩ። ሽዕኡ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ዕብይ ዝበሉ እንግዶታትን ዑደት መራኽብ ውሽጠ-ሃገርን ከገልግል ክጅምር እዩ። ኣብ ዕብይ ዝበሉ እንግዶታት ኣሉታዊ ውጽኢት መርመራ ኮሮና ማዕረ ክቱባትን ኮቪድ-19 ሒዙዎም ዝነበረ ብዩናትን እዩ ዝስራዕ።

- ብዙሓት ኣብ ክንእከበሉን ብሓባር ዓበይቲ ተመኩሮታት ክንካፈለሉን ካብ ዘይንክእለሉ እዋን ነዊሕ ጌሩ ኣሎ። ሳላ ዝተጠንቀቕናን ክታበት ዝኸተቡ እናበዝሑ ይኸዱ ብምህላዎምን ሕጂ ጻማና ንረኽበሉ ኣለና። ምስክር ወረቐት ኮሮና ድሮ ኣብ መሰጋገሪ ነቑጣታት ዶብ ንጥቀመሉ ኣለና። ሕጂ ኣብ ዕብይ ዝበሉ እንግዶታትን መራኽብ ዑደት ውሽጢ ሃገርን ክንጥቀመሉ ኢና። እዚ ማለት ድሕሪ ሓጺር እዋን ኣብ ዓበይቲ ሙዚቃዊ ምርኢታት፡ ትያትር፡ ግጥማት ኩዕሶ እግርን ፈስቲቫላትን ክንከይድ ንኽእል ኢና ማለት እዩ።እዚ ናብ ንቡር ዝመልሰና ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ ይብል ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ምስክር ወረቐት ኮሮና ምፉኳሳት ንምትእትታው ኢና ክንጥቀመሉ እምበር ደረትታት ንምግባር ኣይኮነን። ምስክር ወረቐት ኮሮና ሓለፋታት ዝህብ ጥራሕ ክኸውን ንመንግስቲ ሓደ ኣገዳሲ መትከል እዩ- እዚ ከኣ ንዘይብዩናት'ውን ዝምልከት ይኹውን። መብዛሕቲኡ ግዜ ኣሉታዊ ውጽኢት መርመራ ኮሮና ማዕረ ክቱባትን ኮቪድ-19 ሒዙዎም ዝነበረ ብዩናትን እዩ ዝስራዕ።

- ውጽኢት መርመራ ኮሮና ናይ ዝተወሰነ ህሞት ኩነታት እዩ ዘርእየና። ስለዚ ውጻኢት መርመራ ኣብ ምስክር ወረቐት ኮሮና ን24 ሰዓታት ጥራሕ እዩ ብቑዕ ኮይኑ ዝጸንሕ። ኣዳለውቲ እንግዶታት ምስ ቅልጡፍ መርመራታት ዝገብሩ ኣካላት ውዕል ክኣትዉ ኣሎዎም፡ መታን ውጽኢት መርመራ ኮሮና ኣብ ግብሪ ንምትእትታው ክከኣል። ንዕብይ ዝበሉ እንግዶታት ዝኸውን ቅጥዒ ከነተኣታቱ ኢና፡ ንሱ ድማ ተሳተፍቲ እንግዶታት ኣበይ ክምርመሩ ከምዝኽእሉ ክሕበሮም ክኽእል ኣሎዎ ዝብል እዩ ክኸውን ይብል ሀየይ።

ዓቕምታት መርመራ ክብ ንምባል ብሕታውያን ኣመርመርቲ ኣካላት ንምስክር ወረቐት ኮሮና ዝገብሩዎ መርመራታት ወጻኢታቱ ብመንግስቲ ክሽፈነሉ ዝኽእል ፍታሕ ነተኣታቱ ኣለና። ስለዚ እዚ መርመራ ወጻኢታቱ ብመንግስቲ ስለዝሽፈን ኣዳለውቲ እንግዶታት ወይ ተሳተፍቲ ኣይኮኑን ዝኸፍሉዎ። ስለዚ መብዛሕትኦም እቶም ሓምላይ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘድልዮም ሰባት ኣብ መደበር መርመራ ከይዶም ብምምርማር እቲ እንግዶት ጌና ከይጀመረ ከሎ ውጽኢት ድሕሪ ሓጺር ግዜ ክመጾም ይኽእል። ምስ ሚኒስትሪ ባህላዊ ጉዳያት ብሓባር ኮይንና ንወኪላት ንግዳዊ ጽላት ንኣኼባ ክንዕድሞም

ኢና። ኣብኡ ብዛዕባ እንግዶታት፡ መርመራታትን ምቁጽጻር ወረቐት ምስክር ኮሮናን ዘለዎም ሕቶታት ብምሉኡ ክንምልሰሎም ኢና፡ እዚ መታን መደባት ምሕንጻጽ ንክጅምሩዎ ዝዓለመ ኢዩ ይብል ሀየይ።

ምሉእ ብምሉእ ክቱብ፡ ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ካብ ትውጋእ ልዕሊ ሰለስተ ሳምንታት ዘሕለፍካ፡ ኮቪድ-10 ዘሕለፍካ ወይ ኣሉታዊ ውጽኢት መርመራ ኮሮና ካብ ዝመጽእ 24 ሰዓታት ዘየሕለፈ እንተደኣ ኮይኑ ምወረቐት ስክር ኮሮና ሓምላይ ይኸውን።

ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ 3ይ ጽፍሒ ዳግመ-ክፍታ ኢዩ ኣብ መዓላ ክውዕል ዝጅምር። ኩነታት ለብዒ፡  ክትበትን ድሩትነታታን ኣድለይቲ ኣይኮኑን ኣብ ኣብ ንብለሉ እዋን ምስ በጻሕና ምጥቃም ወረቐት ምስክር ኮሮና ክንገድፎ ኢና።

**ኣጠቓቕማ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ግዝያዊ ተረርቲ ከባብያዊ ስጉምትታት ዘለወን ንኡሳን ዞባታት**
እቲ ዝተረረ ስጉምታዊ ደረጃ ብስጉምቲ 5 ሀ ዝፍለጥ ክኸተላ ዘለወን ንኡሳን ዞባታት ወረቐት ምስክር ኮሮና ክጥቀማሉ መንግስቲ ኣይከፍቅደለንን እዩ። እዚ ስጉምታዊ ደረጃ እዚ ነተን ኩነታት ለብዒ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኸደን ንኡሳን ዞባታት ዝምልከት ኮይኑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ምንቅስቓሳት ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ከውርዳ ዝግብአን እየን።

ፍኹስ ዝበለ ስጉምታዊ ደረጃታት ዘለወን ንኡሳን ዞባታት ማለት ስጉምትታት 5ለን 5ሐን፡ እተን ንኡሳን ዞባታት ወረቐት ምስክር ኮሮና ብምጥቃም ግዳማዊ መናፈሻታት፡ ቤተ-መዘክራት፡ ሲነማታት፡ትያትራትን፡ ሙዝዚቃዊ ምርኢታትን ተመሳሳሊ ባህላዊ እንግዶታትን መዘናግዒታትን ዝካየደሎም ቦታታት ክኸፍትኦ ዝደልያ እንተኾይነን ባዕለን ክውስንኦ ይኽእላ እየን።

እንተደልየን ውን ወረቐት ምስክር ኮሮና ብደረታት ብዝሒ ተሳተፍቲ [2ይ ጽፍሒ ዳግመ ክፍታ/gjenåpningsplanens trinn 2 ]ክቕየድ ክውስና ይኽእላ እየን። እዚ ማለት ቀወምትን ዝተመልከተሎምን መናብር እንተደኣ ዘይኮይኖም ክሳብ 400 ሰባት (200x2 ምድባት ኮሮና) ክእከቡ ይኽእሉ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ኣብ ዝተመልከተሎም ቀወምቲ ኮፍ መበሊታት ኮፍ እንተ ኢሎም ግና  ክሳብ 1000 ሰባት ክእከቡ ይኽእሉ (200x5 ምድባት ኮሮና)።

ስጉምታዊ ደረጃታት 5 ለን 5 ሐን ዝኸተላ ንኡሳን ዞባታት ትሕቲ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑን ንኣሽቱን ብብቑዕ ምስክር ወረቐት ኮሮና ዘለዎም ዓበይቲ ተሰንዮም ኣብ ትያትር፡ ሲነማታትን ቤተ-መዘክራትን ንኽኣትዉ ባዕለን ክፍቅዳሎም ክውስና ይኽእላ እየን። ነፍስ ወከፍ ዓቢ ሰብ ክንደይ ቆልዑ ካማላእ ከም ዝኽእል ደረት ክግበረሉ ኣሎዎ። **ደረት ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣብ ዓበይቲ እንግዶታት:**

**3ይ ጽፍሒ:**
ኣብ 3 ይ ጽፍሒ ኩሎም መርመራታት ወይ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዝጥቀሙ እቲ ዘኣንግድሉ ቦታ ክሕዞ ዝኽእል ብዝሒ ሰባት 50 ሚእታዊት ጥራሕ ክጥቀሙሉን ተሳተፍቲ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣሃዱ ካብ 500 ሰባት ዘይሓልፉ ብምግባር ክከፋፍሉዎም ግዴታ ኣሎዎም። ከምዚ ብምግባር እኹል ርሕቀት ክሕሎ ይከኣል።

| | ውሽጣዊ | ግዳማዊ |
|---|---|---|
| **ብመርመራ ወይ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘለዎም** | | |
| ቌወምቲ ዝተመልከተሎም ቦታታት | እንተበዝሐ 50 % ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 2500 ሰባት (500 x 5 ምድባት ኮሮና) | እንተበዝሐ 50 % ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 5000 ሰባት (500 x 10 ምድባት ኮሮና) |
| ብዘይ ቌወምቲ ቦታታት | እንተበዝሐ 50 % ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 1000 ሰባት (500 x 2 ምድባት ኮሮና) | እንተበዝሐ 50 % ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 2000 ሰባት (500 x 4 ምድባት ኮሮና) |
| **ብዘይ መርመራ ወይ ወረቐት ምስክር ኮሮና** | | |
| ቌወምቲ ዝተመልከተሎም ቦታታት | ክሳብ 1000 ሰባት (500 x 2 ምድባት ኮሮና) | ክሳብ 2000 ሰባት (500 x 4 ምድባት ኮሮና) |
| ብዘይ ቌወምቲ ቦታታት | ክሳብ 400 ሰባት (200 x 2 ምድባት ኮሮና) | ክሳብ 800 ሰባት (200 x 4 ምድባት ኮሮና) |

**4ይ ጽፍሒ:**

| | ውሽጣዊ | ግዳማዊ |
|---|---|---|
| **ብመርመራ ወይ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘለዎም** | | |
| ቌወምቲ ዝተመልከተሎም ቦታታት | እንተበዝሐ 75% ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 5000 ሰባት | እንተበዝሐ 75% ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 10 000 ሰባት |
| ብዘይ ቌወምቲ ቦታታት | እንተበዝሐ 75% ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 2500 ሰባት | እንተበዝሐ 75% ካብ ዓቕሚ ኣዳራሽ 5000 ሰባት |
| **ብዘይ መርመራ ወይ ወረቐት ምስክር ኮሮና** | | |
| ቌወምቲ ዝተመልከተሎም ቦታታት | ክሳብ 2500 ሰባት | ክሳብ 5000 ሰባት |
| ብዘይ ቌወምቲ ቦታታት | ክሳብ 750 ሰባት | ክሳብ 1500 ሰባት |

**ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዝሳተፉሉ እንግዶታት ብዝሒ ተሳተፍቲ ዝግበረሉ ደረት**

ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ቆልዑን ንኣሽቱን ዝሳተፉሉ ዕብይ ዝበሉ እንግዶታት ካብ ቅጥዕታት ወረቐት ምስክር ኮሮና ወይ ሕድገት መርመራ ኣይግበረሎምን እዩ። ትሕተዕድመ ዝኾኑ ቆልዑ ዘለዎም ወለዲ ንደቆም ሒዞሞም እንተደኣ መጺኦም ወረቐት ምስክር ኮሮና ከርእዩ ይኽእሉ እዮም።

- ኣብ 3ይ ጽፍሒ ተሳተፍቲ ወላ ምስክር ወረቐት ኮሮና ኣይሃልዎም ብዝሕ ዝበሉ ሰባት ክሳተፉ ዕድል ይኸፍት እዩ። ንኣብነት ኣብ ብዙሓት ኣብ ውሽጢ ዝካየዱ ዓይነት እንግዶታት ተሳተፍቲ ወላ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣይሃልዎም ክሳብ 400 ሰባት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም፡ ከምኡ'ውን 800 ኣብ ደገ ክሳተፉ ይኽእሉ። ስለዚ ቆልዑን ንኣሽቱን ወላ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣይሃልዎም ኣብ ብዙሓት ዓይነት እንግዶታት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም ይብል ሀይየ።

**ብዝሒ ተሳፈርቲ መራኽብ ዑደት ገማግም ባሕሪ ደረት ይግበረሎም**

ካብ እንግዶታት ሓሊፉ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ መራኽብ ዑደት ውሽጠ-ሃገር ኣብ መዓላ ክውዕል እዩ። ዘይብዩናት ሰባት ኣብ ብዙሓት ተሳፈርቲ ዘለዋ መርከብ እንተደኣ ተሰቒሎም ለብዒ ክላባዕ ዘሎ ተኽእሎታት ክልዕሎ እዩ።

- ዓሚ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝደለብናዮም ተመኩሮታት ክንጥንቐቕ ኣለና ዘብሉ እዮም ምኽንያቱ ኣብ መርከብ ዝባራዕ ለብዒ ምቁፃሩ ኣጸጋሚ ክኸውን ስለዝኽእል። ስለዚ እቶም ኣብ መራኽብ ዑደት ዝስቀሉ ተሳፈርቲ ብወረቐት ምስክር ኮሮና ብዩናት ምኳኖም ከረጋግጹ እንተደኣ ክኢሎም ክሳፈሩ ዝኽእሉ ብዝሒ ሰባት ከዛይዱዎ ክፍቀደሎም እዩ። እቲ ቁጽሪ ብልክዕ ክንደይ ከምዝኸውን መንግስቲ ጸኒሑ ክሕብረኩም እዩ ይብል ሀየይ።

ምሉእ ብሉእ ክቱብ፡ ሓደ መርፍእ ክታበት ካብ ትውጋእ ካብ ሰለስተ ክሳብ 15 ሳምንታት ዘሐለፈካ ወይ ኣብዘን ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዝሓዘካ እንተደኣ ኮይንካ ከም ምሉእ ብሉእ ክቱብ ኢኻ ትቑጸር።